ኣገዳሲ መልእኽቲ ካብ ጸሓፋይ ወዲ ኩወት መምህር ዩሱፍ ዓብዱልራሕማን

ካብ ዓረብኛ ናብ ትግርኛ ዝተቶርጎመ

**ፕሪስደንት ሳህለ ዘውደ ትፍጽሞዶ ?**

ኣነ ብዛዕባ ፖለቲካ ብዙሕ ክጽሕፍ ኣይፈቱን !

ይኹን እምበር እዚ መልእኽተይ ናብታ ብባይቶ ኢትዮጵያ ዝተመርጸት ፣ በቲ ዘካይዶ ሓድሽ ምምሕያሻት ብዙሕ ዘኽብሮን ዘደንቆን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ድማ ደገፍ ዝረኸበትን ፣ ሓዳስ ፕሪስደንት ናይ እትዮጵያ ሳህለ ዘውደ ክጽሕፍ ስለ ዝተገደድኩ እየ !!

ፕሪስደንት ሳህለ ትምህርታ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ፈረንሳ ዘጠናቀቐት ሰለስተ ቛንቛታት ፣ ኢንግሊዜኛ ፣ ፈረንሰኛን ኣምሓርኛን እትፈልጥ ፣ ዓል ወጻኢ ጉዳያት ኮይና ድማ ካብ ሓደ ሃገር ንላዕሊ ወኪል ሃገራ ኮይና ዘገልገለትን ፣ ዝልለ ቦታታት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ሒዛ ዝነበረት ብምኳናን ኣድናቖተይ ይገልጽ።

ኣነ ከም ወዲ ዓረብ ኣብዚ እዋን ኮወት ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ርእሲ ከተማ ሰብኣዊ ኣገልግሎት ብምኳና ፣ ህዝበይ ድማ ካብ ሃገራት ዓረብ እቲ እንኮ ይቕረ ባሃላይ ብምኳኑ ብመራሒ ሃገረይ ይሕበን ። ንሕና ፣ ብምኽንያት ናይቲ ብሳዳምን ተኸተልቱን ኣብ ልዕሊና ብዝፈጸመ ገበናት ካብ ዕራቕ ዝቀረበልና ይቕረታ ተቀብልና ፣ ንተጻብኦ ኣወግድና ይቕረ ዝበልና ኢና ። ኣብ ጥቕምታትና ብምትኳር ድማ ብምሉእ ግሉጽነትን ተገዳስነትን ተበግስና ክንዋሳእ ጀምርና ። ቀጻሊ ጠቕምታትን ዝምድናታትን ይቕረታታትን ዳእምበር ቀጻሊ ጽልኢ ድማ የልቦን ።

ፕሪሲደንት ኢትዮጵያ ከምቲ ዝተኸታተልኩዎ ክተኽብሮ ዝግባእ ታሪኻዊ ስራሓት ዝፈጸመት ሳሓቢ ኣካል ብምኳና ፣ ክልቲኦም ምስ ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብግዜ መግዛእቲ እትዮጵያ ንዝወረደ ግፍዕታት ዕላዊ ይቕረታ ክሓቱ ዝምረጹ ንሳቶም እዮም ባሃላይ እየ ። ። ከምዚ ዝኣምሰለ ስጉምቲ ድማ ካብ እትዮጵያ ክመጽእ ዘሎዎ ምዕቡል ስጉምቲ ብምኳኑ ፣ ኣብ ከምዚ ዝኣምሰለ ጸልማት ዝኾነ ግዜ ድማ ንሃገረ ኤርትራ ይቕረታ ምቕራብ ኣዚዩ የድሊያ እዩ !

ነዚ ድልየት እዚ ንምቕራብ ዝያዳ ዝደረኸኒ ምኽንያት ድማ ፣ ፕሪስደንተ ኢትዮጵያ ሳህለ ዘውደ እትመርሖ ሓድሽ ኣካየዳን ፣ ሽግራት ንምውጋድን ናይ ሰላም ሃዋሁ ንምዕዛዝን ዝኣተወቶ መብጻዓን እዩ !

ብተወሳኺ ንተስፋታተይ ዝድሪኽ ፣ እቲ ብኣብይ ኣሕመድ ብቀዳምነት ብውሽጣዊ መዳይ ሞንጎ ዝተፈላለየ ወገናት እትዮጵያ ዘካይዶ ዘሎ መስሪሕ ሃገራዊ ዕርቂ ፣ ቀጺሉ ምስ ኤርትራን ሱዳንን ጀቡትን ኪኒያን ግብጽን ዘካየዶ ፣ ካብ ህዝቡ ይኹን

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ካብ ዘሎዋ ጎረባብቲ ሃገራት ናእዳ ዝረኸበ ናይ ምምሕያሽ ፈተነታትን እዩ !

**ምልከታ፡** ኣብ ሞንጎ መንግስታት ዝካየድ ናይ ይቅረ ምባል ስጉምትታት ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ብጭብጢ ዝተሰነደ ተደላይ ጉዳይ ኮይኑ ፣ ሓደ ፖለቲካዊ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ብዝፈጸሞ ጥሕሰታቱ ኣሚኑ ኣብ ቅድሚ ናይ ዓለም ህዝቢ ንዝተበደለ ይቅረ በለለይ ናይ ምባል መስሪሕ እዩ !

- ከምቲ ኩሉና ንፈልጦ ኣማኻሪ መንግስቲ ጀርመን ናብ ፖላንድ ዙረት ምስ ከደ ኣብ ቅድሚ እቲ ናይ ዋርሶ 1943 ምንቅስቃስ ንምዝካር ዝተሰርሐ ሓወልቲ ብምምብርካኽ ፣ ካብ ኣፉ ቃላት ከይኣውጸኤ ግብራዊ ዝኾነ ይቅረታ ፈጺሙ ። እዚ ድማ ነቶም ምዝራብ ዘጸግሞም ናይ ይቅረታ ምልክት ወይ ስጉምቲ እዩ !
- ናይ ኣመሪካ ፕሪሲደንት ኦባማ ብ2016 ንህዝቢ ጃፓን ብዛዕባ ኑክለሪያዊ ተረኽቦ ሄሮሺማ ይቅረታ ሓቲቱ !
- መንግስቲ ዒራቅ ንመራሒ ኩወትን ህዝባን ካብ ጎበጣ ሳዳም ብዝወረዶም ጉድኣት ይቅረታ ሓቲታ !
- ጀርመን ብዛዕባ እቲ ብዘመነ ሂትላር ዝተኻየደ ወራራት ይቅረታ ኣቕሪባ !
- ቀዳማይ ሚኒስተር ናይ ኣዉስትራሊያ ኣብ ልዕሊ ቀዳሞት ተቀማጦ ( ኣቡሪጅንስ) ናይ ኣዉስትራሊያ ንዝተፈጸመ ግፍዕታት ይቅረታ ሓቲቱ ፣ እዚ ጉዳይ ድማ ካብተን ኣብ ኣዉስትራሊያ ኣብ ባይቶ ዘሎዋ ዓበይቲ ክልተ ሰልፊታት ደገፍ ከምዝረከብ ገበሮ ።
- ጃፓን ውግእ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን ፣ ንናይ ኩሪያ ደቂ ኣንስትዮ ከም ኣገልገልቲ ግብረ ስጋዊ ርኽክባት ይጥቀሙለን ስለ ዝነበሩ ይቅረታ ሓቲታ !
- **ናይ መወዳእታ ዘረባይ ፡** ሎሚ ኢትዮጲያ ንነፍሳ ብጓል ኣንስተይቲ እትምራሕ ፣ ደቂ ኣንስትዮ ፍርቂ ቦታታት ናይ ሚኒስተራት ሕዘን ዝርከባላ ምዕብልቲ ሃገር ኮይና እተቅርበሉ እዋን ፣ ብዛዕባ ከምዚ ዝኣምሰለ ታሪኻዊ ጌጋ ይቅረታ ምሕታት ኣብ ታሪኽ ካብቲ ገፊሕ ኣፍደገታቱ ምእታው እዩ !
- **ፍሬ ነገሩ ፡** ታሪኽ ኣይምሕርን እዩ ። መዛግብቲ ታሪኽ ድማ ኣብ ኤርትራ ብዘስካሕክሕ ተረኽቦታት ዝመለኤ እዩ !

እቶም ታሪኽ ዝጽሕፉን ንታሪኽ ዘንብቡን ኤርትራ ካብ 1952 - 1958 ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረይሽን ስለ ዝተቆርነት ከምዝተወጸዔት ይፈልጡ እዮም ። ድሕሪኡ ኢትዮጵያ ብ1962 ንኤርትራ ከምዝጸምበረታ ኣዊጃ ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ብሓይሊ ታንክታትን መዳፍዕን ዝተፈጸመ ምጽንባር ኣይተቀበሎን ነጺጉዎ ። ክሳብ ሕጂ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ንሃይለ ስላሰን መንግስቱን ይረግም ኣሎ !

ህዝቢ ኤርትራ ንገበጣ ኢትዮጵያ ምንጻጉ ዘመልከት ዓብይ መረዳኣታ ድማ እቲ ብስሳታት ብመሪሕነት ዓዋተ ዝተጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ኮይኑ ፣ ናጽነቱን መስላቱን ንምርካብ ብኣማኢት ኣእላፍ ዝቑጸሩ ስዉኣት ወፊዩ እዩ ። ኣብ ዝሓለፈ መዋእል ንሃገሮምን ንመግዛእቲ ዝሳዓረ ተባዕ ህዝቦምን እንታይ ከም ዘጓነፈ ዘይፈልጡ ብኣሻሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት እውን ኣለዉ !

**ምኽሪ :** ኢትዮጵያ ንኩሉ ምምሕያሽ ስጉምትታታ ብናይ ይቕረታ ስጉምቲ ከምዝማላእ ምግባሩ ተደላይ እዩ ። ግዜ ወራራት ብዝተፈላለየ ግፍዕታትን መስዋእትን ቃንዛን ዝመለኤ መዋእል ብምኒኡ ንህዝቢ ኤርትራ ይቕረታ ምሕታት ፣ ሓቀኛ ሰላም ንምርግጋጽ ንዝምድናታት ኣብ ሓድሽን ቅኑዕን መሰረት ንምህናጽ ዘብጽሕ ኣፍደገ እዩ! እሞኸ ክብርቲ ፕሪስደንት ሳህለ ዘውደ ንምፍጻሙ ቅርብቲ ድያ?

እቲ ህርኩት (ዲናሞ) ዝኾነ ቀዳማይ ሚኒስተርከ ንምምሕያሻቱ ብታሪኻዊ ዝኾነ ይቕረታ ይደፍኦዶ ?

ኣነ ከም ዓረባዊ ወዲ ኩወይት ነዚ ከምዚ ዝኣምሰለ ዕርቅን ይቕረታን ምልዛብን ክርኢ ይምኔ ፣ ይቕረ ምባል ድማ ናይ ሓያላት ጠባይን ያታን ምኺኑ ይኣምን ።

እቲ ጽኑዕ ሰላማዊ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ሎሚ ይቕረ ምባል ይግብኦ እዩ ። ተስፋ ዘሎዎ ህይወት ክጎናጸፍ ድማ ንኣምላኽ ይሓቲት ።

**ዓርኪ ኤርትራ ኩወይታዊ ጻሓፋይ ዩሱፍ ዓብዱልራሕማን ።**